VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN
SKARABORGS SJUKHUS

# ሓበሬታ ንዓኻ ን መዓገሲ ቃንዛ መድሃኒት ካብ ሓኪም ዝተኣዘዘካ

☐ **ከኒና ፓራሲታሞል (Paracetamol)** ኣልቨዶን፡ ፓኖዲል፡ ፓሞል፡ ረቪል (Alvedon, Panodil, Pamol, Reliv)
እዞም መድሃኒታታት እዚኣቶም፡ ከም ግቡእ፡ ብዘይ ናይ ሓኪም ወረቐት ካብ ቤት መሸጣ መድሃኒት ክዕደጉ ዝኽእሉ እዮም። እዚኦም፡ በቲ ኣብ ምሕጽንታ ዘሎ ዓቐን ምስ ዝዉሰዱ፡ ዉሑድ ወይ ድማ ፈጺሙ ጎድናዊ ሳዕቤን የብሎምን።

*ዝለዓለ ዓቐን፡ 4 ግራም ኣብ መዓልቲ*
*ኣወሳስዳ፡ 1 ግራም (2 ከኒናታት) ኣብ 6 ሰዓት።*

☐ **ከኒና ዲክሎፈናክ (Diklofenac)**
እዚ፡ ጽቡቕ ዉጽኢት ዘርኢ መዓገሲ ቃንዛ መድሃኒት ኮይኑ፡ ምስ ፓራሲታሞል ጸንቢርካ ምዉሳዱ ድማ ብልጫታት ኣለዎ። ሳሕቲ ድማ፡ ናይ ከስዐ ምንዳርን ብቐሊሉ ናይ ምድማይ ጸገም ናይ ምስዓብ ባህሪ ኣለዎ። ስለዝኾነ ድማ፡ ድኻም ልቢ፡ ድኻም ኮላሊት፡ ኣዝማ፡ ጥንሲ ዘለዎም ሰባትን፡ ተጸዋርነት ማግነሲል ዘይብሎም ሰባት ክወስድዎ የብሎምን።

*ዝለዓለ ዓቐን፡ 150 ሚ.ግ. ኣብ መዓልቲ (50 ሚ.ግ. ኣብ 8 ሰዓት)*

☐ **ሽፋን ዘለዎ ኦክሲኖርም OxyNorm (oxikodon)** Δ
ንብርቱዕ ቃንዛ ንምዕጋስ ዝጠቅም መድሃኒት እዩ። ኦክሲኖርም እቶም ዝተዋህቡኻ ልሙዳት መዓገሲ ቃንዛ መድሃኒታት ኣኽልቲ ኮይኖም ምስ ዘይርከቡ፡ መመላእታ ክኸዉን ዝወሃብ መድሃኒት እዩ። እዚ በዓል ሽፋን ከኒና፡ ብሙሉኡ እዩ ክወሓጥ ዘለዎ። ጎድናዊ ሳዕቡኑ፡ ዕግርግር ምባልን ስምዒታት ድኻምን ክኸዉን ይኽእል። እቲ ዝለዓለ ጥርዚ ዉጽኢት ምዕጋስ ቃንዛ ዓቕሙ፡ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ሰዓት ዝርአ ኮይኑ፡ ንሹድሽተ ሰዓታት ዝኣክል ድማ ይሰርሕ። ኦክሲኖርም፡ ነብሰጾራትን ኣጥበዉቲ ኣዴታትን ክጥቀማሉ ይኽእላ እየን።

ኣወሳስዳ፡ ሓደ በዓል ሽፋን ከኒና ኣብ 6 ሰዓት

**መጠንቀቕታ ትራፊክ** Δ
ኦክሲኖርም፡ ቅጽበታዊ ስጉምቲ ናይ ሙዉሳድ ብቕዓት ከዛሕትል ይኽእል። እዚ ድማ ኣብ ብርቱዕ ኣድእዚ ድማ ኣብ ብርቱዕ ኣድእዚ ድማ ኣብ ብርቱዕ ኣድህቦ ዘድልዮ ኩነታት ምስ እትህሉ፡ ንኣብነት መኪና ኣብ ምምራሕ፡ ልክዕ ዓቐን ኣብ ዘድልዮም ስራሓት ትሰርሕ ምስ እትኽዉንን፡ መሳርሒታት ማሽን ትጥቀም ምስ እትኽዉን ክትሓስበሉ ይግባእ።

ሓድሽ መጥባሕቲ ዝተገብረልካ ሕሙም ከም ሙኧንካ መጠን፡ ድሕሪ መጥባሕቲ፡ ይፍኮስ ይበርትዕ፡ ገለ ዓይነት ቃንዛ ክስምዓካ ይኽእል እዩ። ከምዚ ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብቲ ናይ መጀመርያ መዓልታት ንኽትጥቀመሎም፡ ካብ ሓኪም፡ ናይ መድሃኒታት ወረቐት ክወሃበካ እዩ። ንዝበለጸ ዉጽኢት፡ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዎ መምርሒታት ተኸተል። ዝኾነ ቃንዛ ዘይስምዓካ ምስ ዝኸዉን ግን መድሃኒት ክትወስድ ናይ ግድን ኣይኮነን።

**ሓፈሻዊ ሓበሬታ**

- ምሳና ከይተማኸርካ፡ ዝኾነ ዓይነት መድሃኒታት ኣይትጸንብር።
- ኩሎም መድሃኒታት ክትወስድ፡ ፈሳሲ ምጥቃም ዘክር።
- ኦክሲኖርም ምስ ኣርኮላዊ መስተ ዘይምዉሳድ ከይትርስዕ።
- ዝተረፉኻ መድሃኒታት፡ ናብ ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣብጽሕ።

Kvinnokliniken — ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ
Skaraborgs Sjukhus Skövde — ሆስፒታል ስካራቦሪ ኣብ ኾቭደ